ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 17

ጥቅምቲ 2020

## ክልተ ሕግታት ካብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን

**1. ናብ መእለዪ ኣረጋውያን ዳግማይ ክትበጽሑ ትኽእሉ ኢኹም።**

**2. ሓደ ካብ ስድራቤት ኮሮና እንተተለኺፉ ኩሎም እኹላት ሰባት ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም። እዚኦም ክልተ ሓደሽቲ ሕግታት ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን እዮም።**

**ሓደ ሰብ ምስ ዝሓምም ኩሎም ዓበይቲ ሰባት ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም።**

ምልክታት ዘለዎ ኮሮና (ኮቪድ-19 እንተኾይኑ ንምፍላጥ ክምርመር ኣለዎ። እቲ ዝተመርመረ ሰብ ምስ ዝሓምም ኩሎም ምስኡ ዝቕመጡ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም።

ነቲ መርመራ ( መርመራ ኮቪድ- 19 ዘካየዶ ሓኪም ነቶም ሓቢሮም ዝቕመጡ ሰባት ምውካስን እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ( " ሕግታት ተኸባቢርካ ምንባር" ምንጋርን ሓላፍነቱ'ዩ። ብድሕሪኡ ወረቐት ምስክር ይጽሕፈሎም።

ስራሕ እንክለዎም ገዛ ኮፍ ዝበሉ ናይ ደሞዝ መታካእታ ክወሃቡ ይኽእሉ። እዚ ንኽወሃበካ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት የድሊ።

ዋላ'ውን ሰብ ሓኪም ከይረኸበ ባዕሉ መርመራ እንተጌሩ: ናይ ነፍሲ ወከፍ መርመራ ሓላፍነት ዝስከም ሓኪም ኣሎ።ንሱ'ዩ ከኣ ዝድውል። ብድሕሪኡ ኩሉ ሕግታት ትፈልጥ።

ንናይዚ ኣውራጃ ሕክምና ዝከታተል ዘባ ኣውራጃ ካልማር ሰብ ባዕሉ ኣብ መርበብ ሓበሬታ 1177.se መርመራ ክእዝዝ ይደልዩ። ሽዑ እምብኣር ሰብ ናይ ግድን ባንክ ኣይዲ ክህልዎ ኣለዎ። ( ሰብ ባንክ ኣይዲ እንተዘይብሉ ናብ ማእከል ጥዕና ይድውል)።

መዋእለ ህጻናት ወይ ማእከላይን ካልኣይ ደረጃን- ካብ 1ይ-9ይ ክፍሊ- ዝኸዱ ጥዑያት ቆልዑ ገዛ ክጸንሑ የብሎምን። ምልክታት ዘይብሉ ሰብ ቆልዑ ከብጽሕን ክወስድን ይኽእል ብድሕሪኡ ገዝኡ ይምለስ።

ስለ'ዚ ከኣ ዞባዊ ባይቶ:ኣውራጃ ካልማርን ምምሕዳራትን መንእሰያት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዝያዳ ክመሃሩ ዝደልዩ። ሽዑ ንኻልኦት መንእሰያት ክሕብሩ ይኽእሉ። ናይ "ኮሮና ኣምበሳደራት" ክኾኑ ኣብ ቤትትምህርቶም ከመልክቱ ኣለዎም።

**ደስ ዘብል ዜና- ሎሚ መእለዪ ኣረጋውያን ክትበጽሑ ትኽእሉ።**

ንብዙሓት ኣረጋውያን ኣዝማዶምን የዐዕሩኽቶምን ክረኽብሉ ኣብ ዘይከኣልሉ ከቢድ ግዜ'ዩ ነይሩ። ካብ ዕለት 1 ጥቅምቲ ጀሚሩ ሰብ ዳግማይ ናብ መእለዪ ኣረጋውያን ክበጽሕ ይኽእል።

ምኽንያቱ ንኣረጋውያን ክሳብ ሎሚ ሓደገኛ ስለዘሎ ኩሉ ሰብ ክጥንቀቕ ኣለዎ። ሰብ ንዘለዉ ፍሉያት ሕግታት ክስዕብ ኣለዎ። መጀመርያ ሰብ ብምድዋል ኣየኖት ሕግታት ከም ዘለዉ ክሓትት ኣለዎ። ኣብ ዝተፈላለየ መእለዪ ኣረጋውያን ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

"ኩሉ ሰብ ኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ናይ ግድን ጽቡቕ ክስምዖ ኣለዎ": ይብል ሃገራዊ ሓኪም ለበዳዊ ሕማማት

ካብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን። " ስለ'ዚ ከኣ ሰባት ካልኣይ ግዜ ክራኸቡ ክኽእሉ ኣለዎም።"

ለበዳ ኮሮና ካብ ዝላባዕ መጽናዕታዊ ክኢላታትን ካልኦትን ብዛዕባ ምክልኻልን ውሕስነትን ብዙሕ ተማሂሮም’ዮም። ስለ'ዚ እዩ ከኣ ሽወደን እዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ። ግን ኩሉ ሰብ ሓላፍነት ክወስድን ሕግታት ክስዕብን ኣገዳሲ'ዩ።

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፣እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፣ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፣ዞባ ካልማር፣ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።
ኣብ ህጹጽ ኩነታት ናይዚ ሕብረተሰብ ሓቢርና ንውስንን ንተሓጋገዝን። ሕጂ ብዝተካእለ መጠን ንኩነታታት ኮሮና ክንብድ ንሰርሕ ኣለና።

facebook.com/krissamverkan.kalmar